# ዕወት ህዝባዊ ሰሚናር መኸተ ኣብ ከተማ ሽፊልድ ተኻይዱ

ከም መቐጸልታ ናይቲ ኣብ መላእ ብሪጣንያ ክካየድ ዝጸንሐ ንእገዳ ምፍሻልን ጥርኑፍን ጥሙርን መኸተ ንምሕያል ዝዓለመ ንተቐማጦ ከተማ ሽፊልድን ከባቢኡን ሓለፍቲ ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ዝተረኽብሉ ብዕለት 20/11/2011 ብኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ገራህቱ ህዝባዊ ሰሚናር ተኻይዱ።

ኣብቲ 250 ዜጋታት ካብዚኦም 200 መንእሰያት ዝተሳተፍዎ ኣኼባ፡ ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ገራህቱ ንህሉው ኩነታት ሃገርን ዞባናን፡ ንጉዳይ እገዳ በጺሕዎ ዘሎ ኩነታትን፡ መኸተ ንእገዳን መኸተ ንዝሓየለ ጥርናፈ ህዝቢን ኣመልኪቱ፡ ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ።

ንኩነታት እገዳ ኣመልኪቱ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ እቲ እገዳ ቅድሚ ክልተ ዓመት ክሓልፍ ከሎ ብቓጻ ምንባሩን፡ ዘይሕጋዊን ዘይፍትሓዊን ስለዝነበረ፡ ብሓያል ጻዕሪ ህዝብን ሓድነትን ክፈሽል ከምዝኽኣለን፡ ነዚ ዘይተንበርካኸነት ህዝብና ብቑጠባ ንምድኻም ተወሳኺ እገዳ ንምግባር ዝግበር ዘሎ ሸበድበድ ብብዙሓት ሃገራት ስለዝተነጽገ፡ እዚ ድማ ኤርትራ ኣብ ዲፕሎማስያዊ ሽነኽ እተጎናጸፎ ዘላ ዓወታት ከምዘንጸባርቕ ገሊጹ። ኣብ ቀጻሊ ውን ብሓያል ጻዕሪን ጽንዓት ህዝቢ ኩሉ ኸርሕታትን ወዲታት ጸላእቲ ከምዝብርዕን ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ገራህቱ ኣሰሚሩሉ። ኣብ ኤርትራ ዝካየድ ዘሎ ውሕስነት መግቢ ኣብ ምዕዋትን ኣብ ኩሉ ጽላት ኣብ ሕርሻ ቱሪዝም፡ ዕደና፡ ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ህንጻን ትሕተ ቅርጽን፡ ማሕበራዊ ውሕስነት ኣብ ምርግጋጽ ተረኺቡ ዘሎ ዓወታት መርኣያ ቅኑዕ ፓሊሲ መንግስቲ ኤርትራ ምዃኑ ተወሳኺ መብርሂታት ሂቡ።

ኣብ ብሪጣንያ ዝነብር ኤርትራዊ ንዘይሕጋዊ እገዳ ንምፍሻል ዘርኣዮ ዘይተጻዓድነትን ሓያል ውዳበን ኣብ ኩሉ መዳያት ዝድነቕ ምዃኑን ብፍላይ ድማ ተቐማጦ ሽፊልድ ዘርኣይዎ ጽንዓትን ተወፋይነት ኣዝዩ ዝናኣድ ምንባሩን ንቀጻሊ ሓያል ውዳበ ማሕበረ ኮም ብምሕያል ንሃገራዊ ማሕበር ደቂኣንስትዮ፡ ንሃገራዊ ማሕበር መንእሰያት፡ ንጉጅለታት መንእሰያት ዓበይትን ህ.ግ.ደ.ፍ፡ ብምሕያል ንሓያል ስድራቤታዊ ጥርናፈ ንምዕዋት ክሰርሕሉ ከምዘለዎም ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ሎሚ ከም ትማሊ ውዳቤኦም ኣሕይሎም ምስ መንግስቶምን ህዝቦምን ሓያል ምትእስሳር ብምፍጣር ኣብ ከባቢኦም ንዝነብሩ ዜጋታት ኣብ ዝተወደበ ጽኑዕ ሃገራዊ ውድባታት ብምጥርናፍ ኣበርክቶኦም ከዕዙዙን ንመስርሕ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ ክድግፉን፡ ኩሉ ካብኦም ዝድለ ከማልኡ ድልዋት ከምዘለውዎ ኣረጋጊጾም።

ዓወት ንሓፋሽ
ክፍሊ ዜናን ሓበሬታን ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ለንደን (21/11/2011)